መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ



ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ M. Maillot

ኣወሃሃዲ፡ E. Frischbutter; Sarah S.

ተርጓሚ፦ ተስፋኣለም በራኺ፡
ሙሉጌታ ዘርኣይ፡ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2012 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፡ ምቕዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፡

ቅድሚ ነዊሕ ዘመናት
እግዚኣብሄር መልኣኹ ናብ
ሓንቲ ብርኽቲ ኣይሁዳዊት
መንእሰይ ድንግል
ማርያም ዝተባህለት
ለኣኾ።
እቲ ዝተላእከ
መልኣኽ
በለ።




"ወዲ ክትወልዲ ኢየሱስ
ክትሰምዮ ኢኪ በላ። ንሱ
ድማ ወዲ እቲ ልዑል
ኣምላኽ ክስምዮ
ንዘለኣለም
ድማ
ክገዝእ
እዩ።"

"እዚ ከመይ ኢሉ ኪኸውን ኣዩ?"
ማርያም ብምግራም ሓተተቶ
"ሰብኣይ ከይፈለጥኩስ"
እቲ መልኣኽ ድማ
መንፈስ ቅዱስ
ክወርደኪ ሓይሊ
እቲ ሉዑል
ከጽልለኪ።



እቲ ዝወለድ ድማ ወዲ
ልዑል ኣምላኽ እዩ።



ወሲኹ እቲ
መልኣኽ
ንማርያም
እታ ዘመድኺ
ኤልሳቤጥ ኣብ
እርግንኣ ወዲ
ጠኒሳላ በለ።



እዚ ከኣ ተኣምርዩ
ንዓኺውን ከምኡ፣
ማርያም ብኡ
ንብኡ ተቀላጢፋ
ንኤልሳቤጥ
በጽሓታ።
ብሓደ ሓቢረን
ድማ ንኣምላኽ
ኣመስገንኦ።



ማርያም ድማ ንዮሴፍ
ዝበሃል ሰብኣይ
ተሓጽያ ነበረት።
ጠኒሳ ምስ ረኣያ
ኣዝዩ ጉሃየ
ምናልባት
ካልእ ሰብ
ዘጥነሳ
መሲሉዋ
ነበረ።



እግዚአብሄር ግና ጸገም ዮሴፍ
ተረዲኡ ብሕልሚ ከምዚ ኢሉ
ነገሮ እቲ ማርያም ጠኒሳቶ
ዘላ ካብ መንፈስ ቅዱስ እዩ።
ዮሴፍ ድማ ንማርያም
ወሰዱ ተኸናኸና።



ዮሴፍ ንእግዚኣብሄር
ኣመኖን ተኣዘዞን፡
ነቲ ሕጊ ናይ
ዓዲ’ ውን
ተኣዘዞ።



ብምኽንያት ዝተዋህበ ኣዋጅ መንግስቲ
ግብሪ ክኸፍልን
ክጻሓፍን ናብ ዓዱ
ቤተልሄም
ከደ።




ማርያም ድማ
ንሕርሳ ተቀራረበት
ኣብቲ ዝገሸዎ ዓዲ
ግና መዕረፊ
ኣጋይሽ
ኣይረኸቡን።


ኩሉ ብኣጋይሽ
መሊኡ ጸኒሑም።

ዮሴፍ ድማ በቲ ድምጺ እግዚኣብሄር
ምስምዑ ዕረፍቲ ረኸበ።
ኣብ ጊዚኡ ድማ እቲ
ህጻን ኢየሱስ
ተወልደ።



መዕረፊ ስለ ዘይነበሮም ግና ኣብ
መብልዕ ማል ወለደቶ።



ኣብቲ ከባቢ ድማ ከብቶም ዝሕለው ጓሶት ነበሩ።



መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ተራእዮም
እቲ ዓቢ ሓጎስ ልደት የሱስ
ክርስቶስ ድማ
ኣበሰሮም።




ኣብ ዓዲ ዳዊት መድሓኒ ክርስቶስ ተወሊዱ
ኣሎ ነቲ ህጻን ድማ ምስ
ወለዱ ኣብ መብልዕ
ማል ክትረክብዎ
ኢኹም
በሎም።


ብድንገት ድማ ብዙሓት መላእኽቲ
ምስኡ ኮይኖም ከምዚ እናበሉ
ኣመስገኑ . . .


. . . ″ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን ኣብ
ላዕሊ ስምረቱ ድማ ምስቶም
ኣብ ምድሪ ዘለዎም
ሰባት ይኹን″
በሉ።


እቶም ጓሶት ድማ ተቀላጢፎም
ክርእዩዎ ከዱ። ነቲ ህጻን ድማ
ምስ ወለዱ ብዓለባ ተጠቂሊሉ
ረኣዮዎ፡ እዚ ምስ ረአዩ።

ብዛዕባ እቲ ሕጻን እተነግረሎም
ነገር ኣውረዩ።





ድሕሪ 40 መዓልቲ ምንጻህ ድማ ነቲ ህጻን ዮሱስ ናብ መቅደስ ኢዮርሳሌም ኣምጽእዎ።



ስምኦን እቲ
ምጽንናዕ እስራኤል
ዝጽበ ዝነበረ ድማ
ነቲ ህጻን ሓቚፉ
ንኣምላኽ
ኣመስገነ
ከምኡ’
ውን . . .



. . . ሃናን ካልኦትን
ንእግዚኣብሄር
ብዛዕባ እቲ ህጻን
ኣመስገኑ።



በዚ ከኣ ዮሴፍን
ማርያምን ኢየሱስ
ወዲ እግዚኣብሄር
ምኳኑ ፈለጡ።





ዮሴፍ ከምቲ ኣብ
ሕጊ እግዚኣብሄር
እተባህለ ኸኣ,
ክልተ ባሬቶ
ንመስዋእቲ
ኣቕረበ።




ሰብ ጥበብ
ድማ ኮኮብ
ኣብ ምብራቅ
ርኢና እሞ
ክንሰግደሉ ″እቲ እተወልደ
ንጉስ ኣይሁድ ኣበይ ኣሎ″
እናበሉ ካብ ምብራቕ
ናብ የሩሳሌም መጹ።

ንጉስ ሄሮድስ ብዘላ ኢዮርሳሌምን እዚ ሰምዮም ሰንበዱ። ሄሮድስ ንሰብ ጥበብ ረኪቡ ድማ ኬድኩም ብዛዕባ እቲ ህጻን ኣርጊጽኩም መርምሩ።



ምስ ረኸብኩምዎ ኣነ
ከኣ መጺኤ ክሰግደሉ
ኣፍልጡኒ በሎም።
ከምኡ ዝበሎም ግና
ነቲ ህጻን ክቀትሎ
ኢሉ እዩ እምበር
ክሰግደሉ ኣይኮነን።




ሰብ ጥበብ ካብ ንጉስ ምስ ወጹ
እቲ ኣብ ምብራቕ ዝረኣዩዎ
ኮኮብ ኣብ ልዕሊ እቲ
ህጻን ዘለዎ ቦታ
መጺኡ ደው
ክሳዕ ዝብል
መርሐም፡



ናብ ቤት ኣትዮም ነቲ ህጻን
ምስ ማርያም ኣዲኡ ረኣይዎ
ፍግም ኢሎም ሰገድሉ።
ሳጽኖም ከፊቶም ከኣ
ወርቅን ዕጣንን
ከርቤን ገጸ
በረኸት
ሃብዎ።

እግዚኣብሄር ናብ ሄሮድስ
ከይምለሱ ብሕልሚ
ምስ ተራእዮም ብኻልእ
መገዲ ናብ ሃገሮም
ተመለሱ . . .



. . . ሄሮድስ ሰብ ጥበብ
ከም ዘላገጽሉ ምስ
ረአየ ብዙሕ ኰረየሎም
ንኹሎም ህጻናት
ቤተልሄም ቀተለ።





ንወለዱ ብሕልሚ
ኣቀዲሙ ተገሊጽሎም
ስለዝነበረ ንግብጺ
ከይዶም ጸንሑ።
ካብቲ ሞት ህጻናት
ድማ ብኸምዚ
ኢየሱስ ተረፈ።


ሄሮዶስ ምስ
ሞተ እንሆ
ኣብ ግብጺ
መልኣኽ
እግዚኣብሄር
ንዮሴፍ ብሕልሚ ተራእዮ’ ሞ ...


. . . ″ተንስእ
ነዚ ህጻንን ነዲኡን ሒዝካ
ናብ ምድሪ እስራኤል ኪድ″ በሎ፡

ኣብ ምድሪ ገሊላ ናዝሬት እትብሃል ከተማ ተቀመጠ።



በዚ ድማ ኢየሱስ ናዝራዊ ተባህለ።

# ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴ 1-2 ሉቃ 1-2

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119:130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፧

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ
ከም ዝሰኣና ይነግረና፧ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ።
ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ
ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፧ ንሕና ግና
ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ
እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፧
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ
ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና
እሙንን ጻድቕን እዩ፧

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን
ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ
ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፡ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ
ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ
ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፡ ካብዚ ሰዓት
ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ
ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን
የመስግነካ ኣለኹ፡” ኣሜን፡

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ
ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16